*ካብ "ትምህርቲ ቅ. መጽሓፍ"*
*፩ይ መጽሓፍ*
*ብኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ማ.ን.ኣኃው ካፑቺን*
*(ገጽ 43 - 50)*

# ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን

## ማቴዎስ ፣ ማርቆስ ፣ ሉቃስ።

(ሣልሳይ ክፋል)

### ፫ - ዮሓንስን ተመሳሰልቲ ወንጌላውያንን

ንዝኾነ ኣንባቢ ሓድሽ ኪዳን፡ ዮሓንስ በቀራርባ ይኹን ብትሕዝቶ ወንጌሉ ካብቶም ካልኦት ፍልይ ዝበለ ከምዝኾነ ፍሉጥ ነገር እዩ።

(1) ዮሐንስ ካብቶም ካልኦት ወንጌላውያን ሓሙሽተ ኣርእስታት ጥራሕ ዚቐድሖ ይመስል።

(2) ካብቶም ኣብ ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን ዝርከቡ 29 ተኣምራት 2 ጥራይ ኣብ ዮሐንስ ተጠቒሱ ይርከብ።

(3) ኣብ ወንጌል ዮሐንስ ጥራሕ ዚርከባ ኣርእስታት እዘን ዝስዕባ 5 ኣርእስታት እየን፥
መርዓ ቃና ዘገሊላ ( 2፡ 1-11)
ወዲ ሓደ ሹም ከምዝሓወየ (4፡ 46-54)
ኣብ ቤት ሳይዳ ሓደ መጻጉዕ ከምዝሓወየ (5፡1-9)
ብዕውሩ ዝተወልደ ከምዝሓወየ (9፡1-7)
ኢየሱስ ነልኣዛር ከምዘተንሥኤ (11፡ 1-44)።

(4) ተመሳሰልቲ ወንጌላውያን ድርሰቶም ብብዝኂ ተምራት የጻባብቕዎ፡ ዮሓንስ ግን ውሑድ ተኣምራት የምጽእ እቲ ውሑድ'ውን መንፈሳዊ ትምህርቲ ዝኀዘለ ይኸውን። ዮሓንስ "ተኣምር" ወይ "ተኣምራት" ዚብል ቃል ገዲፉ"ትእምርቲ" ወይ "ምልክት" ዚብል ቃል ይጥቀም።

(5) ወንጌላውያን ኵላቶም ጸሎት ሓሙስ ብ14 ኒሳን እዩ ተፈጺሙ ኪብሉ (ማር-14፡1-16 ፥ ማቴ. 26፡ 17-19 ፥ ሉቃ/ 22፡ 7-13)፡ ዮሓንስ ፍልይ ኢሉ 14 ኒሳን ዕለት ሞት ጐ.ኢ.ክርስቶስ ከምዝኾነ የቕርበልና (18፡28)።

(6) ኵሎም ወንጌላውያን ተልእኾ ኢየሱስ ድሕሪ ማእሰርቲ ዮሐንስ መጥመቅ ከምዝኾነ እሞ ኢየሱስ ከዓ ብብዝኂ ኵሉ ሐዋርያዊ ተግባራቱ ኣብ ገሊላ ድሕሪ ምፍጻሙ ብደካጶሊ፥ ፐርያ፥ ኢያሪሆስ ኣቢሉ ንፋሲካ ናብ ኢየሩሳሌም ከምዝተመልሰ ኣብኡ'ውን ከምዝሞተ ክነግሩና፡ ዮሓንስ ወንጌላዊ ካልእ ኣከታትላ ተግባራት ይጽሕፈልና። ከም ወንጌል ዮሓንስ እንተድኣ ኮይኑ፡ ዮሓንስ መጥመቅ ምስ መስከረሉ፡ ኢየሱስ ሽዑ ንሽዑ ስራሑ ይጅምር (1፡ 19-34)፡ ምስቶም

ኣርድእቲ ዮሐንስ መጥምቅ ዝነበሩ ቀዳሞት ሐዋርያት ከዓ ካብ ከባቢ ዮርዳኖስ ናብ ገሊላ ድሕሪ'ዚ ናብ ኢየሩሳሌም ንበዓል ይምለስ (2፥1-13)። ነቶም መርከስቲ ቤተ መቅደስ ድሕሪ ምስጓጉ ንኒቆዲሞስ እቲ ዝበለጸ ትምህርቲ ድሕሪ ምሀቡ (3፥ 1-21) ንኬጥምቕ ናብ ዮርዳኖስ ይምለስ (3፥22-36)። ንሰማርያ ኣቢሉ ናብ ገሊላ ድሕሪ ምጉዓዙ ከዓ እንደገና ኣብ ኢየሩሳሌም ተረኺቡ ምስ ኣይሁድ ኪከራኸር ይርኤ (5፥ 1-47)። እንደገና ኣብ ገሊላ እንጌራ ድሕሪ ምብርኻቱ ብዛዕባ ቅ-ቍርባን ትምህርቱ ምሂሩ (7፥ 1-9) ናብ ይሁዳ ይምለስ ፥ ኣብ ኢየሩሳሌም በዓላት ምስ ኣኅለፈ ናብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ይሳገር (10፥ 39-40)። ካብኡ ናብ ይሁዳ ንመጨረሻ ግዜ ቅድሚ ምምጻኡ ኣብ ቢታንያ ነልአዛር ኣተንሲኡ ንሕማማቱን ሞቱን ኣብ ኢየሩሳሌም ይርከብ (12፥ 11-19)። ዮሓንስ እምበኣር፥ ኢየሱስ 3 ዓመት ከምዘምሀረ ይጽሕፈልና ማለት እዩ።

(7) ንዮሐንስ ካብቶም ካልኦት ወንጌላውያን ካልእ ዝፈልዮ ነገር እንተሎ ኣጻሓሕፋ ተኣምራትን ተግባራትን ኢየሱስ እዩ፥ ንሱ ናይ ዓይኒ ምስክር ስለዝነበረ ገለ ኪጠቅስ እንከሎ ጊዜኡን ቦታኡን ፈልዩ ይነግረና፥ ስለዚ ወንጌሉ ብብዝኊ በዓላት ኣይሁድን ዓድታትን ዝመልአ እዩ።

በዚ ኵሉ ዝጠቐስናዮ ፍልልይ፡ ኤውሰብዮስ ከምዘረጋገጸልና፡ ዮሐንስ ናይ ሠለስቲኦም ወንጌላውያን ጽሑፍ ኪምልኦ ስለዝደለየ፡ ፍልይ ዝበለ ወንጌል ኪጽሕፍ ተገደደ እምበር ድርሰቶም ስለ ዘይፈለጦ ኣይኮነን። እንተኾነ፡ እዚ ዝጠቐስናዮ ፍልልይ ኣየባእስን እዩ ከመይ ዮሐንስ ብኵሉ ሓሳብ ምስቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ጽሑፍ ወንጌላውያን እናተሰማምዔ ዝጐደለ ኬማልእ፡ ብጌጋ ዝተጻሕፈ ኪእርም ኢሉ እዩ ዚጽሕፍ። ስለዚ ዮሐንስ ናይ ተኣምራትን ድንቅታትን ታሪኽ ገዲፉ ኣብ ገለጻ መንፈሳዊ ትምህርቲ ኢየሱስ እንተዘንበለ፡ ነቲ ቅድሚኡ ዝተጻሕፈ ወንጌል ኣዕሚቑ ኬረድእ ስለዚደሊ ኢዩ፡ ኢልና ክንርድኦ ይግባእ።